**መበል 33 ዓመት ኮንፍረንስ ማ.ተ.ሰ.ኣ ኦገስት ሮብዕ ሓሙስ 7ን8 2007 ተወከልቲ መብዛሕትአን ጨናፍር ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ፣መናእሰይ፣ዓበይቲ ካልኦት ኣባላት ኮሚዩኒቲ ዘሳተፈ ኣኼባ ርሱን ብዝኾነ መንፈስን ወነን ብምክያድ እዞም ዝስዕቡ ውሳነ ሓሳባት ኣመሓላሊፉ ኣሎ።**

1. ማ.ተ.ሰ.ኣ ካብቲ ሎሚ ዝኒአዎ ህዝባዊ መሰረት ብሰብኣዊ፣ ገነዘባዊን ዓቕሚ ካብ ማንም ጊዜ ንላዕሊ ንምጥንኻር ከም ቀዳማይ ዕማምና ወሲድና ብዕላማን ፐሮግራምን ማ.ተ.ሰ.ኣ ኣሚኑን ሕገ ደንቢ ማሕበር ኣኽቢሩ ክሰርሕን ክዓስልን ንዝደሊ ትግራዋይ ኩሉ ሓቑፉ ንኽጉዓዝ ብዘለና ዓቕሚ ኩሉ ክንረባረብ፣
2. ናይ ማ.ተ.ሰ.ኣ ዋና ሞተር ኮይኑ ብፍልጠትን ዓቕሚን፣ቴክኖሎጂ ምትእትታው፣ናይ ፈጠራ ክእለት ወዘተ ከንቀሳቕስ ዝኽእል መንእሰይ ወለዶ ብበዝሒ ንኽኣትው ዝኽእል ኣሰራርሓ ብምዝርጋሕ ርኡይ እጃሙ ከወፊ ብሙሉእ ዓቕምና ክንረባርብ፣
3. ማ.ተ.ሰ.ኣ ናይ ኣባላቱ ረብሓ ዘረጋግፅ፣ ሰሓባይን ንምግባር ብማሕበር ደረጃ ናብ ኢንቨስትመንት ዝኣትወሉ መንገዲ ንምኽፋት ገፊህ ፃዕሪ ክንገብር፣
4. ጨናፍር ማ.ተ.ሰ.ኣ ኣብ ኩለን ከተማታት ሰሜን ኣሜሪካ ንምጥያሽን ዘለዋ ድማ ንምጥንኻርን ብመሉእ ዓቕምና ክንሰርሕ፣
5. ኣብ ሕሉፍ መሪር ብረታዊ ቃልሲ ኣካሎም ዝጎደሉ ኣሕዋትናን ኣሓትናን ዘለዎም ፀገማት ንምቅላል ማሕበር ጉዱኣት ኾናት ትግራይ ትገብሮ ምንቅስቓስ ንምሕጋዝ ግቡእ ፐሮጀክት ሓንፂፅና ክነዕውት ብሙሉእ ልቢ ክንንቀሳቐስን፣
6. ቅድም ክብል እንገብሮ ዝነበርና መደባት ማሕበር ልምዓት ትግራይን ካልኦት ኣሕዋት ማሕበራትን ናይ ምጥንኻር ስራሕትና ብቐፃልነትን ብሓቦን ክንንቀሳቐስን ክነዕዉትን፣
7. ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ሰላም፣ፍትሒን ዴሞክራሲን፣ልምዓትን ንኽዓስል ዝግበር ዘሎ ፈታኑ ቓልሲ ማ.ተ.ሰ.ኣ ምስ መላእ ኢትዩጵያዊ ነባራይ ሰሜን ኣሜሪካ ብምኹኑ ገፊሕ ስራሕቲ ክንሰርሕ
8. ኣባላት ማ.ተ.ሰ.ኣ የቕርብዎ ንዝነበሩ ሕቶታትን ሪኢቶታትን ኣብ ግምት ብምእታው ምምሕዳር ክልል ትግራይ ንዝሃበና ዘዕግብ መልሲ እናመስገንና ንመፃኢ ጊዜና፣ ፍልጠትናን ኩለ መዳያዊ ዓቕምናን ኣዋዲድና ንምንቅስቓስን ኣብ ዕብየት ትግራይና ግቡእ እጃምና ንኽነወፊ ቃል ንኣቱ!!

ሓድነት መሰረት ዕብየት እዩ!!
ፀረ ኩለመዳያዊ ድኽነት ቃልስና ክዕወት'ዩ!!

ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ
ቀዳም ኦገስት 11/2007
ኦክላንድ ካሊፎርኒያ